
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.92 | ሰሉስ 17 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ





ገጽ 2
ካብ ማሕበራዊ ሚድያ

ገጽ 3


ሓጺር ሌላ ምስ "ኣሕተምቲ ሕድሪ"

ገጽ 4
ምስ ታሪኽ'የ ቆንየ


ገጽ 5
ምሕደራ ግዜ - ምሕደራ ህይወት!


ገጽ 7
ታይፐይ ማራቶን፡ ዕቑባይ ጸጋይ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ



## ሃማደኤ፡ ኣብ ጸብጻብ ትግባረ መደባት ምምዕባል ደቂ-ኣንስትዮ ዘትዩ


ስእሊ ሳሚኤል ንጉሰ

ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብ13 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ኣብ ጸብጻብ ትግባረ መደባት ኮሚቴ ምምዕባል ደቂ-ኣንስትዮ ብደረጃ ዞባታት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ንኣለንትናዊ ምዕባለ ደቂኣንስትዮ ዓለሙ፡ ኣብ 2024 ናይ ዝተሰላሰለ ቀንጠባዊ፡ ማሕበራውን ውድባውን ናይ ዝተዓመ ንጥፈታት ጸብጻብ፡ ምስናይ ዝነበረ ብልጫታትን ብደሃይታትን ቀሪቡን ብዕምቈት ተዘቲዩሉን።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ኮሚቴ ምምዕባል ደቂኣንስትዮ ኣብ ዞባታት ዕወት ስራሕ ከም ዝተሰላሰለት ብምጥቃስ፡ ኣብ 2025 ብዝለዓለ ወህደት መሻርኽቲ ኣካላት ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ወ/ሮ ተኽኣ ኣሰዊባ፡ ኣብ ኩሉ ዝተኻየደ መደባት - ተሳትፎ ኣመሓደርቲ ዝምስገን ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ንወህብ ብደሃይታትን ዓቕሚን ማሕበር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝርግሐ መሻርኽቲ ኣካላት ንምስፋሕ ክሰራሓሉ ምኳኑ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዝተቐበለ ተመኩሮ ተዓቂቡ፡ ስራዕ ምክትታልን ምቁጽጻርን መደባት ክተየደ፣ መርዓ ትሕቲ ዕድመ መቕጸዒ ኣዋጅ ክኽበረሉ፣ መውዓሊ ህጻናት ኣብ ቦታ ስራሕ ፍሉይ ቈላሕታ ክወሃቦ፣ ተሳትፎ ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ጉዳያት ደቂኣንስትዮ ክዕዘዝ፣ ከም'ኡ'ውን ኣለንትናዊ ንቕሓት ደቂኣንስትዮን ሕብረተሰብን ዘበርኽ ጉስጓሳት ክሕይል ዝብል ካልእን ለበዋታት ብተሳታፍቲ ቀሪቡ።

## ጎልጅ - ባርዕ ጫካ፡ ከባቢያዊ ዕንወት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ - ምምሕዳር ከባቢ ድረሳ ብ7 ታሕሳስ ኣብ ናይ ሕርሻን መጓሶጫን ቦታ ዝተኸሰተ ባርዕ ከባቢያዊ ዕንወት ከም ዘውረደ፡ ደንገዩ ዝበጽሐ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

በቲ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ዝተኸስተን ን8 ሰዓታት ዝቐጸለን ባርዕ፡ 200 ሄክታር ኣእካል፡ 500 ሄክታር ሳዕርን ልዕሊ ሓደ ሽሕ ኣግራብን ከም እተሃመኸ፡ ዝሓበረ ወኪል ብዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ያሲን ማሕሙድ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ባርዕ ኣብ ምጽራይ ከም ዘይተረኽበ ገሊጹ።

ኣብል ሓለዋ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ተኽልያ ጉብረእየሱስ ብወገኑ፡ ሳላ ዝነበረ ህጡር ክራማት ዘረእቲ ጸቡቕ ከም ዝፈረየን መጓሶጫታት እኹል ሳዕሪ ከም ዝሓቖፉን እንተኾነ - ኣብ'ቲ ከባቢ ምስ ዘሎ ጸዕቂ ምንቅስቓስ ሓረስቶትን ጓሶትን ተርእዮ ባርዕ ኣስካፊ ከም ዝገበሮ ኣሚቱ።

ኣቶ ተኽልያ ኣሰዊቡ፡ ነቲ ዝተኸሰተ ባርዕ ንምቁጽጻር፡ ህዝቢ፡ ሰራዊትን ኣባላት ኩባንያ ብደሆ ሓፈሻዊ ህንጻትን ንዝገበርዎ ኣበርክቶ መጎሱ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ክልተ ኣዋርሕ ጥራይ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይተርፍ፡ ሳቡናይትን ካልኦት ናይ ሕርሻን መጓሶጫን ቦታታትን፡ ኣብ ኣስታት 600 ሄክታር ባርዕ ከም እተኸስተ፡ ጸብጻብ ብዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን የረድእ።

## ደቡብ - ካብ 18 ክሳብ 31 ታሕሳስ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክካየድ'ዩ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ካብ 18 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2024 ናይ ሰለስተ ዓመት ናይ ኣገልግሎት ግዜኦም ዝወድአ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካባቢ ዓድታትን ንምትካእ፡ ምርጫ ክካየድ'ዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መምርሒታትን ቅጥዕታትን ምርጫ ኩሉ ህዝቢ ከም ዝፈልጦን ከም ዝርድኦን ንምግባር፡ ካብ 18 ሕዳር ክሳብ 15 ታሕሳስ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኣስተምህሮታትን ጉስጓሳትን ከም እተኻየደ ገሊጹ።

ብመሰረት'ቲ ቕጥዕታት፡ ዕድመ መረጽቲ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ፣ ዕድመ ተመረጽቲ ድማ ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ክኸውን ከም ዘለዎ ዝጠቐሰ ኣቶ ሃብተኣብ፡ ንመዘኑ ዝቐርቡ - ካብ ገበን ትሕተ-ሃገራዊ ስሚዒታትን ናጻ ዝኾኑ፣ ንሓድነት ህዝብን ምዕባለ ሃገርን ብዘይተገላቢት ዝጽዕቱ፣ ከም'ኡ'ውን ህዝቦም ንምግልጋል ዝውፈዩ ክኾኑ ከም ዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ኣብ'ቲ ኣብ 232 ምምሕዳራት ከባቢ ዝካየድ ምርጫ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ መዘኑ ንምርግጋጽ ብዕቱብ ከም እተሰርሓሉ ብምሕባር፡ ኣካላዊ ስንኩላን ብፍላይ ድማ ዓይኖስወራን ንኸይጸገሙ ዘድሊ ምድላዋት ተገይሩ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ኣቶ ሃብተኣብ ኣሰዊቡ፡ እቲ ምርጫ ብጽፈት ንኽካየድ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከቡ መሓውራት መንግስትን ግንባርን ተወሃሂደም ይሰርሑ ከም ዘለዉ፣ ናይ መሳለጥያ ብፍላይ ከኣ ናይ መጓዓዝያ ሕጽረት ንምፍታሕ ድማ ይሰርሑ ከም ዘለዉ ብምሕባር፡ ኣብ'ቲ ናይ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካባቢ ዓድታትን ምርጫ፡ ናይ ኣኩበቲ ግብሪ ጥራትን መሪትን ምርጫ ከም ዝካየድ'ውን ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ብዘኽእሎ ተወፋይነትን ከመሓድርዎ ዝኽእሉ ብቑዓት መራሕቲ ንኽመርጽ ብንቕሓት ክሳተፍ ተላብዩ።

## ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ተራ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ምክልኻል ገበን ክዓዝዝ ጸዊዑ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል - ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ ጉብረሚካኤል፡ ብ14 ታሕሳስ ንዝርቲ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር፡ ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበናትን ሓደጋታትን ወሰኺ ስለዝኾነ ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ኣብ ቀዳሞት 9 ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት ብደረጃ ዞባ ብዙሓ ዝተመዝገበ ገበናትን ሓደጋታትን ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ፡ ገበናት 1799፡ በደላት ድማ 6188 ከም ዝነበረ ኣብሪሁ።

ንሓደጋታት ተሸከርከርትን ሳዕቤናቱን ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ገጠርን ከተማን ብዘጋጠመ 2033 ሓደጋታት፡ 18 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ 497 ከቢድን ቀሊልን ኣካላዊ ጉድኣት ከም ዝወረዶም፡ ኣብ ልዕሊ ንብረት ድማ 16.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከም ዘወረደ ኣዘኪሩ።

እቲ ቀንዲ ጠንቂ - መምርሒ ፍቓድ ዘይብልካ መኪና ምዝዋር፡ መስተ ሰቲኻ ምምራሕ፡ ከቢድ ናህሪ፡ ቀዳምነት ዘይምሃብን ሸለልትነትን ከም ዝጠቓልል ድማ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ጉብረመስቀል ብወገኑ፡ ፖሊስ ብዘይ ምትሕብባር ሕብረተሰብ ወጽኢታዊ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዘይክእል ብምጥቃስ፡ ሰድራቤታት ኣብ ውሽጠን ዝካየድ ምብህላል ክሓልዋ ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ፖሊሳዊ ጉስጓሳት ብዝሰፍሐ መልክዑ ክቕጽል ተላብዮም።

## ነበርቲ ፍሽይ-ምራራ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምምዕባል ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊጾም

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ፍሽይ ምራራ - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ዝረኸብዎ ዘለዉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕን ንምምዕባልን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ጉኺ-ጉኺ'ቲ ብመንግስቲ ዝካየድ መደባት፡ ኣብ ምጽራግ ጽርግያታት፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ሓለዋ ሕሩም ሃገራዊ ሕዛእቲን ምስኣን እንስሳ ዘገዳምን ዝጀመርዎ ንጥፈታት ወጽኢቱ እናኣረኣዮም ብምምጽኡ፡ ንዝሓሸ ረብሓን ተጠቃምነትን ከም ዝቕጽልዎ ኣረዲኦም።

ግዜያዊ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ተኪኤ ኣማኒ ብወገኑ፡ መዓልታዊ ብዝሳተፉ 250 ነበርቲ ዝካየድ ልምዓታዊ ወፈራታት ብዝሓየለ ኣውዳዲባ ከም ዝቕጽል ብምንጻር፡ ብፍላይ ካብ ውሽጢ ዓዲ ክሳብ ጽልም ጽርግያ ዘሎ ናይ 22 ኪሎ ሜተር ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ መዓልታዊ ጽገና ስለዘድልዮ፡ ናይ ማሽነሪ ደገፍ ከም ዘድልዮም ኣዘኻኺሮም።

ካብ ማሕበራዊ ሚድያ

# ርእይቶ ሓደ ኢትዮጵያዊ ምሁር

“ውዕሎት ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ዘንተዕሎት ኣይንርስዖን ኢና” ክብሃል መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰሚዑ እዩ፡፡ እዚ ኣብ 2020፣ 2021 ኣብቲ ቀውጢን ኣጨናቕን እዋን ተደጋጊሙ ብዝተፈላለዩ መራሕቲን ላዕለዎት ሰራዊትን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተዋህበን ብሚድያታት ዝተጋውሐን እዩ፡፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከኣ ካብቲ ኣብ ሓደ ናይ ምንሻው መደረ ዝተዘከረ ‘ሓጺር-ዝኽሪ’ (ሾርት ሜሞሪያም) ኣይተዘንግዐ፡፡ እንተ እቲ ትማሊ ዝበሎ ሎሚ ዘይደግሞ፡ እኳ ድኣ ዝኽሕዶ ግን “ሰሚዒ ህዝቢ እንታይ ኮን ይብሉ?” ኢሉ ዘይምስትኽፉ የገርም፡፡

ሓደ ሰብ ምስ ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ ኣርእስቲታት፡ ማለት ምስ ሃገራዊ ይኹን ዞባዊ ዛዕባታት ኣብ ዝተኣሳሰር ሕቶታት ግድን ክሰማማዕ ትጽቢት ኣይግበረሉን፡፡ ዘይክሓድ ሓቂ ግን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ ዝልለየሉ ባህርያት ሓደ ኣብቲ ዝዛረቦ ዝኣምኖን ኩሉ ሳዕ ጸኒዑ ዝርከብ ሰብ ምዃኑ እዩ፡፡

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ 1994 ጀሚሩ፡ ኣብ ዘርኢን ብሄርን ዝምስረት ፌደራሊዝም ብቐጻሊ ምስ ተቓወሞ እዩ፡፡ እዚ ሕጂ ንኢትዮጵያ ሃገራዊ ሓደጋ ኮይኑዋ ዘሎ ኩነታት፡ ጠንቁ እቲ ኣብ 1995 ዝጸደቐ ሕገመንግስቲ ኢትዮጵያ ምዃኑ ትማሊ ዝተዛረቦ ሓድሽ ዘረባ ኣይኮነን፡፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝበሎ ዝበረን ዝኣምነሉን መርገጺኡ እዩ፡፡ እዚ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝሰለቐ መርገጺኡ ድማ ብሰፊሑ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ኣብዚ ቀረባ ሰሙናት ኣብ ዙሪዱ ቃለመጠይቕ ዝደገሞ ነገር እንተኾይኑ እውን እዚ ጉዳይ መርገጺኡ እምበር ካልእ ኣይኮነን፡፡ ሓድሽ ዝመስሎም እንተለዉ ሓድሽ ኣይኮነን፡፡ እቲ ሕቶ ደጊሙ ስለዝተላዕለ ጥራይ እዩ፡፡

ንሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝምልከት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብውልቂ ንዘረቦ ሰብ ይኹን ኣብ ኣደባባይ ዝበሎ ኩሉ ሳዕ ሓደን ዘይቅየርን እዩ፡፡ ኣብ 2011 ናይ “ግንቦት-7” ኣመራርሓ ኣብ ዝበርናሉ፡ ንመጀመርታ ግዜ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኒውዮርክ ብኣካል ተራኺብና ክንዘራረብ ከለና፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ጸቒጡ ካብ ዘስመረሎም ርእሰ-ጉዳያት ሓደ፡ እዚ ናይ ሕገመንግስቲ ጉዳይ እዩ፡፡ ኣብ 2015 ድሕሪ ወሃደት “ኣርበኞች ግንባር” ን “ግንቦት-7”ን ዝበዝሕና ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን ፈጻሚት ሽማግለን ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ዝተራኸብናሉ ዘልዓልናዮ ጉዳይ እውን ንሱ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ 2015 ምስ “ኢሳት” ይኹን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሚድያታት ኣብ ዝገበሮ ቃለመጠይቓት ዝተዛረቦ እውን እዚ ዘይቅየር መርገጺኡ እዩ፡፡ ኣቐድም ኣቢሉ ኣብ 2007 ምስ ዋና ኣሰናዳኢ “ኢትዮጲያን ረቭው” ኣብ ዝገበሮ ቃለመጠይቕ ዝተዛረቦ ከኣ ንሱ እምበር ካልእ ኣይነበረን፡፡

ካልእ ዝዓበየ ግብራዊ መርኣያ ናይቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ‘ዘርኣዊ-ፖለቲካ’ ዘለዎ መርገጺ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ ብሄራትን እምነታትን ዘሎ ልዑል ሰላምን ወሃደትን እዩ፡፡ እዚ ቀጥ ዝበለ ኣብ መርሓን ርጡብ ትንታነን ዝተመስረተ መርገጺ መራሒ ኤርትራ፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝበሮ ምዃኑ ካልኦት እውን ኣብ ኣደባባይ ወጺኦም ዝመስከሩሉ እዩ፡፡ ኣብ 2016 ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ “ቪዥን ኢትዮጵያ” ኣብ ዘካየዶ ኮንፈረንስ ናይ ኢሰፓ/ደርግ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ዝነበረ ዶክተር ኣምባሳደር ካሳ ከበደ፡ ኣብ ጀኔቫ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ምስ መራሕቲ ሻዕብያን ወያነን ኣብ 1980ታት ዘካየድዎ ዝነበሩ ምስጢራዊ ርክባት ኣልዒሉ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ርክባት’ቲ ኣብ መራሕቲ ሻዕብያን ወያነን ዝተዓዘቦ ነገር ድማ ንተዓደምቲ ኮንፈረንስ ኣካፊሉ፡፡ ኢሳይያስ ተቓዋሚ ናይ ዘርኢን ቋንቋን ፖለቲካ ምዃኑን ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ጽኑዕ መርገጺ ከምዘለዎን ክርድእ ምኽኣሉ እዩ ገሊጹሎም፡፡ ነፍሰሄር ይምሓር ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም እውን እንተኾነ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ብዛዕባ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝበልዎ ዝኾነ መርገጺ’ዚ ዘንጸብርቕ እዩ ነይሩ፡፡ ንሶም ዝተዛረብዎ ኣብ ኢሳትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሚድያታትን ዝቐረበ ብምዃኑ ኣለሾ ምውካሱ ይከኣል እዩ፡፡ ባዕሎም እውን ነቲ ሕገመንግስቲ “ሕገ ኣራዊት” ኢሎሞ ነይሮም እዮም፡፡

ኣብዚ ቀረባ ዓመታት፡ መርገጺ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንይምሰል ወይ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ዝበሃል ከምዘይኮነ ካልእ ተወሳኺ መረጋገጺ ኣጋጢሙኒ ነይሩ፡፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ድምጺ ኣመሪካ (VOA) ሓላፊ ዲፓርትመንት ዝነበረ ናይ ቀረባ ዓርከይ ኣቶ ንጉሰ መንገሻ ዝበረኒ እዩ፡፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ መጀመርያ 2022 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢና ተራኺብና፡፡ ምስቲ ቀረባ ዓርኩ ዝኾነ፡ ኣብ ሓደ እዋን ናይ ኢህኣፓ ኣዛዚ ሰራዊት ዝነበረ፡ “ጉዕዞ ንፍቕሪ ሃገር” (ለሃገር ፍቅር ጉዞ) ዘርእስቱ ብብዙሓት ናይ ዝተነበበ መጽሓፍ ደራሲ፡ ኣብዑ ብርሌ’ዩ ነይሩ፡፡ ሰለስተና ምስ ኤርትራ ዝተተሓሓዙ ርእሰ ጉዳያት ኣልዒልና ብዙሕ ኣዕሊልና፡፡ ዓርከይ ንጉሰ እውን ኣብ ድምጺ ኣመሪካ ናይ ኣምሓርኛ ክፍሊ ሓላፊ ኣብ ዝነበረሉ ኣብ 1996 (እቲ ሕገ መንግስቲ ድሕሪ ምጽዳቑ ሓደ ዓመት) ናብ ኣስመራ ቃለመጠይቕ ክገብር ከይዱ ከምዝነበረ ኣዕሊሉና፡፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብቲ ግዜ’ቲ፡ “እዚ ሕገ መንግስቲ’ዚ ንኢትዮጵያ ዝጠቅም ኣይኮነን ኢለ ክነግረኩም’የ” ከምዝበሎ ኣጻዊቱና፡፡ ኣቶ ንጉሰ መንገሻ ፍሉጥ ሰብ ስለዝኾነ፡ እቶም ትፈልጥዎ ንስኹም ሓቲትኩም ባዕልኹም ከተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ዝ. ዘልዕሎ ዘለኹ መርገጺ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝበረን ሓድሽ ዘይምዃኑን ጸቒጠ ከስምረሉ ስለዝደለኹ እዩ፡፡ እዚም ሕጂ ዘለዉ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንባዕሎም እውን እንተኾነ፡ ቅድሚ ናብ ስልጣን ምምጽኦም ሰለይቲ ኮይኖም ኣብ ዝንቀሳቐስሉ ዝነበሩ እዚ መርገጺ’ዚ ዘይፈልጥዎ ኣይመስለንን፡፡

ሕጂ ሓድሽ ነገር ዱብ ከምዝበለ ኣምሲልካ ብኸም ብዓል “ፋና” ዝኣመሰሉ ናይ መንግስቲ ሚድያታት ከቢሮ ምድሳቕ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ጸርፍታት መንደረጋሕ እናውረድካ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ምድንጋር እንታይ ኣድለየ? ኣብ ቀውጢ ናይ ሓደጋ ሰዓት፡ ህዝብና ደቂቕ ዝርዝራቱ ከይተረፈ ዝፈልጦ ወግዒ ደገፍ ኣብ ልዕሊ ዘርከበት ሃገር ከምዚ ዓይነት ክሕደት እንታይ ኣምጽአ? ንኢትዮጵያ ካብ ምብታን ዝ. ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ካብ ውድቀት ንምድሓን ኣብ መበል 11 ሰዓት ተረኺባ፡ ናይ ህልወና ሓደጋ ኣብ ምቕንጣጥ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ካብ ዝገበሩ ሓይልታት ሓደን ቀዳማይን መንግስቲን ህዝቢን ኤርትራ ምዃኖም ዝኩሓድ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ልዕሊ’ዚ መንግስቲ’ዚ ክሕደት ምፍጻም እምበኣር ካብ ስብእና ዝረሓቐ ናይ ነውርታት ጥርዚ እዩ፡፡

. . . ናይዚ ሰሙን’ዚ ሓደ ዓቢ ክስተት ድማ ንመልከት፡፡ ኢትዮጵያ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረትሉ ናይ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ቻርተራት ረጊጻ፡ ‘ምስ ሶማሊላንድ ሰሰድ ምርድዳእ ፈሪምና’ እናተባህለ ዓሰርተ ኣዋርሕ ምሉእ ናይ ደሰደስ ተጨፊሩ ከበሮ ተደሲቑ፡፡ “ኣንቱም ሰባት እዚ ስምምዕ’ዚ ኣየዋጽእን እዩ” እናበሉ ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ዘቕርቡ ዝበሩ ድማ “ባንዳ” እናተባህሉ ከሪሞም፡፡ እቲ ስምምዕ ክኢላታት ወጻኢ ጉዳያት ዘጽንዕዎ፡ እንታይ ሓደጋ ከምጽእ ይኽእል? ጥቕሙን ጉድኣቱን እንታይ እዩ? እንታይ መዘዝ ሓዙ ይመጽእ? ወዘተ. ዝበሉ ሕቶታት ንምንም ዘይገበረ ምዃኑ፡ ኣብ ግዜኡ ብዙሕ ተዘሪቡሉ እዩ፡፡ እቲ ስምምዕ ብሸፋን ወደብን ባሕርን ሕልሚ “እምብራጦርያ ምብራቕ ኣፍሪቃ” ንምስኻዕ ዝተፈተ፡ ንኢትዮጵያ ብዐምቂትን ሰፊሓትን ዋጋ ዘኽፈለ ስጉምቲ ምዃኑ ድማ ነዊሕ ከይከደ ወጺኡ ርኢናዮ፡፡ በዚ ግጉይ ስጉምቲ’ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ክዝንብ ዝጸንሐ ዓለምለኻዊን ዞባዊን ውግዘትን ተቓውሞን ኩሉ ዝዝከሮ እመስለኒ፡፡ ድሕሪ’ዚ ኩሉ ክሳራ፡ እቲ ብሸምግልና ፕረዚደንት ቱርኪያ ኣብ ኣንቃራ ዝተፈረመ ስምምዕ፡ ኢትዮጵያ ንዓቢ ዲፕሎማሲያዊ ውድቀት ከምኡ’ውን ናይ ድሕነት ስግኣት ዝተቓልዓትሉ ውርደት ምዃኑ ግልጺ እዩ፡፡ . . . ካብኡ ዝኸፍአ ከኣ ሕንክት ዘይምፍላጥ እዩ፡፡ ዝወረደ ክሳራን ፍሽለትን ንምሽፋን ብኣውራ ሚድያን ማሕበራዊ ሚድያን “ዓይንኹም ሽፈንና ከዐሽወኩም” ዝዓይነቱ ናይ ምድንጋር ዘመተ ክካየድ ንዕዘብ ኣለና፡፡ ዓቢ ዲፕሎማሲያዊ ዓወት ከምዝተረኽበ ያኢ ህዝቢ ንምድንጋር ይፍተን ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ካልእ ኣብ ልዕሊ ንቕሓት ህዝቢ ዘሎ ትሑት ግምት ዘርኢ - ተወሳኺ ደንቀርና፡፡

***(እዚ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ዝዘርግሐ ጽሑፍ ናብ ትግርኛ ኣብ ምትርጓሙ፡ ንኣውራ ሚድያ ዘይምጥን ቃላት ተጸልጺሉ፡ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ጥራይ ከምዝቐረበ ምግላጹ ንሕበር፡፡)***

ዜና

## ባጽዕ - ጎዳእቲ ልምድታት ንምክልኻል ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ እትነጥፍ ኮሚተ ምርግጋጽ መሰላት ቈልዑን ደቀኣንስትዮን፡ ኣፍልጦን ግንዛበን ተመሃሮ ኣብ ሳዕቤናት ክሽቦ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ካልኦት ጎዳእቲ ልምድታትን ንምብራኽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ሂባ፡፡

ኣቦ’ቲ ዓበይቲ ዓዲን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተሳተፍዎ ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ምኽባር ሕግታትን መሰላትን ቈልዑን ደቀኣንስትዮን፡ ጠንቅን ሳዕቤናትን መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ከምኡ’ውን ክሽቦ ደቂ-ኣንስትዮን ሳዕቤናቱን ዘተኮረ ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ፡፡

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ወ/ሮ ሓሊማ እንሻሮ፡ መሰላት ቈልዑን ደቀኣንስትዮን ንምሕላውን ጎዳእቲ ልምድታት ንምክልኻልን ንቕሓት ዜጋታት ዘበርኽ ኣስተምህሮታት ምውዳብ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣቦ’ቲ ዝደለ ሽቶ ንምብጻሕ ግና፡ ወሃደት ናይ ኩሉም ኣካላት ክየዕዘዘ ከምዝግብኦ ኣዘኻኺራ፡፡

በብእዋኑ ብዝካየድ ኀበራዊ ኣስተምህሮታት፡ ዝበረ ግጉይ ኣተሓሳስባን ርድኢትን እናተለወጠ ይመጽእ ከምዘሎ ዝገለጸ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ መሓመድ-ዓሊ ሳልሕ ብወገኑ፡ ደጊሱ ንኸይጋጥም ብወሃደት ምስራሕ ከምዝድሊ ኣገንዚቡ፡፡

ኣቦ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ተኻፊዖም ንዕወታት ሽልማት ተዓዲሎም፡፡

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይምን ኣብ ዝተዋህበ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ ድማ፡ ቈልዑ መሰላቶም ተሓልዩ ግቡእ ፍቕሪ ሓልዮትን ክሽንዮን ረኺቦም ምስ ዝዓብዩ፡ ብቑዕ ስነ-ኣእምሮን ሞራልን ከጥርዩ ስለዝሕግዞም፡ ሕብረተሰብ ብፍላይ ከኣ ወለዲ ክሰቕሒሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ፡፡

## ሸዕብ - ናይ ተጠቃምነት ግዜኡ ዝሓለፈ ሃለኽቲ ተወጊዱ

ኣብ ሸዕብ፡ ኣስታት 110 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት፡ ናይ ተጠቃምነት ግዜኡ ዝሓለፈ ሃለኽቲ ተወጊዱ፡፡

እቲ ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ፡ ኣሃዱ ሕጊን ስርዓትን ምስ ኣባላት ፖሊስን ጥዕናን ብምውህሃድ ኣብ ትካላት ንግድን መኻዚኖታትን ብዘካየድዎ ስራሕ ናይ ምቍጽጻር ስራሕ ካብ ህዝቢ ብዝተረኽበ ሓበሬታን ከምእተታሕዘ፡ ካብ ኣሃዱ ሕጊን ስርዓትን ኣቶ ሐመድ እድሪስ ሓቢሩ፡፡

ህዝቢ ንዝዕድጎ ሃለኽቲ ዕለቱ ኣረጋጊጹ ክዕድግን ክጥቀምን፡ ዘጠራጥር ነገር ምስ ዝርኢ ድማ ብቕጥታ ንኣሃዱ ሕጊን ስርዓትን ክሕብር ድማ ተላቢዩ፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሶሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለስ ስፖርት |
| 14:15 | ፊልም ቻይና |
| 15:55 | ዶክመንታሪ |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ፍኖተ-ሂወት |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:35 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሄረር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳዘምም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ቁላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሽባብ
ሃማመተኤ

## መዘክር

# ምስ ታሪኽ'የ ቀንየ

ቤትኤል ሰለሙን






ዝተሳፈርክዋ መኪና ካብ ከተማ ከረን ክትብገስ ከላ፡ ከምዚ ከማይ ተራ ሰብ ምሳይ ከም ዝተጻዕኑ ኣሚነ፣ ንኹሉ ዘማእከለ ዕላል ኣብ ምፍጣርን ነቲ ናይ ጉዕዞ ሃዋህው ከስተማቕር ከም ዘለንን ተገንዚበ እየ ተበጊሰ። ናይ ሰብ ነገር ከይተርፍ፡ ኣብ ፈለማ ኣኣብ ጉዳይና ተጸሚድና ኔርና። ጸኒሑ ግን ኣተኵሮይ ዝሰሓበ ዕላላት ኣብ እዝነይ ብዘይ ፍቓዱ ክኣቱ ጀሚሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣቓልቦይ ብምስሓብ፡ ዘንብቦ ዝነበርኩ ጽሑፍ ክገድፍ ገዲዱኒ። እቶም ምሳይ ዝነበሩ ሰባት ክዳን ዝለበሱ መጽሓፍቲ ምዃኖም ክርዳእ ድማ ኣይደንጎኹን። ነቲ ብዘይ ቀመም ዝመቀረ፡ ብዘይ ምውሕላል ቃላት ዝደመቐ ታሪኻዊ ውዕሎኦም ከዕልሉ ከለዉ፡ መሊሰ እየ ብተምሳጥ ንዕምቈት ዝጥሕል ነይረ።

ዕላማ ጉዕዞና ኣብቲ ብሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ግንባር ሓልሓል ንምስታፍ እዩ ነይሩ። ከምዚ ዝበለ ነዊሕ ጉዕዞ ንዓይ ሓድሽ ኣይነበረን። ባህሪ ስርሐይ ዝፈጥሮ ይንቀሳቐስ ብምዃነይ። እዚ ጉዕዞ'ዚ ግን ፍልይ ዘብሎ ነይርዎ። ሰድሪ ናይ ዝረገጽናያ መሬት ታሪኽ ዝተደፍና ምዃና ክግንዘብ ዘኽኣለኒ ኰነት ብምንባሩ ግን፡ ፍልይ ዝበለ ኮይኑኒ። ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ድማ ኣብታ ዝተሳፈርክዋ መኪና፡ እቶም ፈጸምቲ ታሪኽ ባዕሎም ምሳይ ብምንባሮም፡ ዘይፈልጦ ታሪኽ ግንባር ሓልሓል ብደቂቕ ክፈልጦ ኣኽኢሉኒ።

ግንባር ሓልሓል ሓደ ካብቶም ክንደይ ጀጋኑ ዝተኸፍሎ ዕርድታት ጅግንነት ምንባሩ ካብ ዕላሎም ክርዳእ ክኢለ። ኣብኡ ዝተኻየደ ኲናት ድማ ዋላ እቶም ዘወዓልዎ ዘደንጸዎም ምንባሩ መሊሱ ዘደንጽወኒ እዩ። እታ ሒዛትና ዝነበረት መኪና ካብ ተጋውሖም ዝነበረት ጣዕመ ዜማታት "ኣየ ጽንዓት፣ ሓቦ ቈራጽነት" ትብል ብስዉእ ድምጻዊ ሚካኤል መለስ ተርትኣ ሓልያ ብምምጻኣ ዕላል ተዘክሮኦም መሊሱ እዩ ዓሚቑ። ስዉእ ሚካኤል መለስ፡ ወዲ ኣሃዱኦም ምንባሩን እታ ደርፊ ነቲ ሓቀኛ ኩነት ትገልጽ ምዃናን ኣካል ናይቲ ዝተነግረኒ ዛንታ እዩ። ከመይ ዝበለ ጅግና ምንባሩ ክገልጽዎ ከለዉ ብልክዕ ኣብቲ ህሞት ይምለሱ ምንባሮም ዘይሕባእ ስምዒቶም ንጹር እዩ።

ነቲ "ልክዕ ሰዓት ሓደ ኰነታት ክጅመር፡" ዝበሎ ስዉእ ድምጻዊ ሚካኤል መለስ፡ ከብርሁለይ ተወኪሰዮም ነይረ። ናይ ጸላኢ ኩነታት፡ ዝተገብረ ምድላዋት፡ ሃንደበትነት ኲናት፡ ኣብቲ እዋን ዝተኸፍለ ዋጋ ብዝመላላእ ተዘክሮኦም ዳእላ እናሓወሱ ኣዋጊዖምኒ። ኣነ ድማ ሓደ መደምደምታ ሒዘ፣ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ዕላምኡ ንምትግባር ከም ተራ ሰብ ብዑደት ምድሪ ኣይቅየድን እዩ ነይሩ። ይምሰ ይውጋሕ፡ ይርፈድ ይቕተር፡ ዕላምኡ ንጹር እዩ፣ ዝኸፈል ከፊልካ ናጽነት ምርግጋጽ። "ታባ ጉድ፡ እንዳ ህበይ፡ ባሕሪ፡ ደብረ መዓር፡ ፍኒክ፡ ታባ ጨጓር፡ ዓሰርተን፣ በዚ ኔርና ናብዚ ኣቢልና፣ ኣቤት ሽዑ ዝነበረ ምርብራብ፡ እዚኸ ትዝክሮ'ዶ?" እናበሉ ክዕልሉ ክትሰምዖም ከለኻ ጽውጽዋይ ዝነጋገሩ ዘለዉ ይመስሉ። ግን ከኣ ሓቂ።

ሰባት ድዮም ነይሮም ኢለ ንነብሰይ ሓቲተያ። ሰባት ምንባሮም ዘከራኽር እኳ እንተ ዘይኮነ፡ እቲ ኣብ ነፍሲወከፍ ጎቦ ዘሕለፍዎ ገድላዊ ህይወት፡ ምረቱ ረሲዖም ብናፍቖት ከዕልሉ ክርኢ ከለኹ ቀኒአ። ሎሚ፡ ነቲ ዝሓለፈ ታሪኻዊ ፍጻመ፡ ብልክዕ ውዒለሞ ድዮም ንገዛእ ርእሶም'ውን ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ፡ "እዚኩናት ከመይ ኢሉ ይኾነልና ነይሩ?" እናበሉ ብዋዛ ከዕልሉ ካብዘን ታሪኽ ከይመልቀን ኣብ ስራሕ ዝነበራ ኣእዛነይ ኣየምለጠን። ሕቶ ድማ ኣቕሪበሎም፤ "መስዋእቲ ብጻይ ኣብ ዘጋጥመሉ እንታይ ይስምዓኩም? ኢለዮም። ምኽንያቱ ኣብ ዓለም ከም ምፍልላይ ገይሩ ዘፍርሓንን ዝኸብደንን ነገር የለን። ኣረ እንተ ዝከኣልሲ ካብ መዝገበ-ቃላት ምኣለኽዋ ነይረ እየ። እንተ ንሶም ግን ዝተላዘቡ ክመስሉ ብሓደ ድምጺ እዮም፣ "ከም ትስዕብ ኣሚንካ ምቕጻል ጥራይ'ዩ፡" ኢሎምኒ። "ንሞትሲ ትናፍቓ፣ ምትራፍካስ የሕርቐካ፣ እንተ ተወጊእካ ኸኣ እሞ ዝገደደ፡" ሰሓቕ ኣሰንዮም መለሱ።

ነቲ ኒሖም፡ ቆራጽነቶም፡ ህይወት ናይ ምኽፋል ድልውነቶም እተንጸባርቕ ዕላል'ውን ኣዕሊሎምኒ ኔሮም። ዝተወግአ ሰብ "ናጽነት ረኺባቶ" ተባሂሉ ይዕለሉ ነይሩ። ነቲ ኣብ መሬት ከም እሾኽ ዝተዘርአ ፈንጂ ረጊጾም ወይ'ውን ኣብ ውግእ ንዝተወግኡ ዝወሃብ ስም እዩ። እቲ ምኽንያት ድማ ምስ ተወግኡ ድሕሪ መስመር ስለዝኸዱ፡ ናጽነት ናይ ምርኣይ ዕድሎም ገፊሕ እዩ ካብ ዝብል ሓሳብ ዝነቐለ እዩ። ስለዝኾነ፡ ንዝተወግአ እሞ መውጋእቱ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ዘትርፎ እንተ ኾይኑ፡ "በል ሰድራ ሰላም በለልና" ይብልዎ እሞ፣ ንሱ ድማ ይጉሂ ምንባሩ ኣዕሊሎምኒ። እንተ ነቲ ጸላኢ ዝደፈኖ ተባራዒ ናጽነት ይብልዎ ነይሮም፣ ዘርምም ነገር እዩ።

ኣብ ዕላሎም ክልተ ነገር ሰሚዐ። እቲ ሓደ ርጉጽነት ኣብ ዕላማ፣ እቲ ካልእ ድማ ህይወት ናይ ምኽፋል ድልውነት። 'ኣቱም ሰባት! ንምዃኑ ሰባት ዲኹም ኔርኩም?' ክብሎም ዝተረፈኒ ኣይነበረን። ግን ሰባት እዮም ብርግጽ። ሰብ ብሰቡ እኳ ፈቃራት መጠውቲ ህይወት፡ ለገስቲ ፍቕሪ፡ ኣውረስቲ ጽንዓት፡ ሃነጽቲ ሓድነት። ነዚ ኣጋጣሚ ምርካበይ ልዕሊ ካልእ እዋን ዕድለኛ ዘቑጸረኒ እዩ ነይሩ፣ ግንባር ሓልሓል መላግቦ ካልእ ዛንታ ጅግንነት ኮይና ስለዝጸንሓትኒ። እቲ "ኣየ ጽንዓት ሓቦ ቆራጽነት" እናበለ ንብጾቱ ዝዘየመሎም ድምጻዊ ስዉእ ሚካኤል መለስ፣ ሓዋ ንድምጻዊት ሄለን መለስ ምዃኑን ኣብ ስርሒት ፈንቅል ተወጊኡ ብደብዳብ ነፈርቲ ከም ዝተሰውአን ምፍላጠይ ካልእ ታሪኽ እዩ።

ውዕሎይ ስሰዐ ዝዓብለሎ እዩ ነይሩ። ታሪኽ ከየጻባበቑ ዝተጻሕፉ ዛንታታት ዝንበቦም ጀጋኑ ብምርካበይ ኣመና ሰሲዐ። ግን ግዜ ሓጺሩኒ፣ ኣረ ንኹልና ሓጺሩና። ሓደ ነገር ግን ተማሊአ፣ ነቲ ብኣካል ዝረኸብክዎ ታሪኽ ከም ዘለዎ ክሕልዎ ከም ዘለኒ ዘሰክም ሓደራ ጅግና። ብዙሕ ድማ ተማሂረ። ጸላእቲ ጽልኢ፡ ፈጠርቲ ናጽነት፡ ሰራሕቲ ታሪኽ፡ ሰብ ንጹር ዕላማ ዝኾኑ መምህራን ስለዘለዉኒ ልዕሊ ካልእ እዋን ተሓጉሰ። መምህራን እዮም፣ መምህራን ጽንዓት፡ መምሃራን ፍቕሪ፡ መምህራን ዓቕሊ፡ ብሓፈሻ መምህራን ህወት እዮም ኮይኖምኒ።

በሉ ምስ ታሪኽ ቀንየ'የ ናብ ከረን ተመሊሰ። ምስቶም ሓቂ ክንሱ ዘይእመን ታሪኽ ዝፈጸሙ፡ እንትርፎ ተግባር፡ ምዝራብ ዘይኣምኑ ክዳን ለበስ መጽሓፍቲ ቀንየ። ናይ ኩሉ ኣብዚ ዑደት ዝቐነየ መንእሰይ ሓሳብ'ውን ካብዚ ናተይ ዝፍለ ኣይኮነን። እቶም ነዚ መደብ ዘወደቡ ኣካላት ክምስገኑ ዝግብኦም እዩ። እቶም ምስ ታሪኽ ፊት ንፊት ዘራኸቡና ጀጋኑ ድማ ኣብዚ ታሪኽ ሕብሪ ለኻኺኻ ምጽብባቕ ዝተለምደሉ እዋን ዝመት ዝመት፡ "ታሪኽካ ክዝመት ትም ምባል ይኣክል!" ኢልኩም ውዕሎኹም ምግላጽኩም ክብሪ ይሃብኩም ዝብል እዩ። መሬት ኤርትራ ኩሉ ታሪኽ እዩ ብርግጽ። ግን ከኣ መሬት ዶ ኣፍ ከፊቱ ይዛረብ ኮይኑ። ትም ኣይትበሉ ደቂ ሳሕል! ዕማምኩም፡ ውዕሎኹም፡ ጅግንነትኩም፡ ታሪኽኩም ሓቂ እዩ። ጅግንነት ተወሪሱ ኣሎ። ግዳስ ታሪኽ ንገሩ ዝብል ለበዋ እዩ ዘለኒ፣ ወድሓንኩም። ኣነን ከምዚ ከማይ መንእሰያት ድማ በርቢርካ ዘውዳእ ወለላ ታሪኽ ኣብ በቤትና፡ ኣብ ሰስራሕና፡ ኣብ ከከባቢና ኣሎ'ሞ ንበርብሮ! ንሰንዶ! ሕጂ እንተ ዘይበርቢርናዮ መዓስ?

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ብሎጽ ፎረ ከተፎ...

ዝበለጸ ዕፉን ብምፍራይ ዝፍለጥ ሓረስታይ ነበረ። እቲ ሓረስታይ፡ ዓመት መጽአ ኣብ ዝካየድ ውድድር፡ ንመዛንኡ በሊጹ ይሽለም ነበረ። በዚ ኸኣ ህቡብ ነበረ'ሞ ሓደ ጋዜጠኛ ናብቲ ሓረስታይ ከደ። ካብቲ ብዙሕ ዘቕረበሉ ሕቶታት፡ እቲ ሓረስታይ ነቲ ዝበለጸ ዘርኡ ኣብ ከባቢኡ ንዝነበሩ ሓረስቶት ይዕድሎ ምንባሩ ፈለጠ።

"እዞም ኣብዚ ከባቢ'ኻ ዘለዉ ሓረስቶት ንባዕሎም ኣብቲ ውድድር ፍርያቶም ዘቕርቡ እንድዮም፣ ስለምንታይ ዝበለጸ ዘርኢ ዕፉንካ ትህቦም?" ክብል ሓተቶ።

"ካብ ዝበጽሐ ዕፉን፡ ንፋስ ዘልዕሎ ጽገ ከም ዘሎዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ? እቲ ንፋስ ካብ ግራት ናብ ግራት የዝሮ። ጎረባብተይ ዘለዉ ሓረስቶት፡ ደረጃኡ ለጠቕ ዝበለ ዕፉን እንተ ኣብቌሉ፡ ብስግረ-ጽግያ ንደረጃ ዕፉነይ ክጸልዎ እዩ። ብሉጽ ዕፉን ክፍሪ እንተ ደልየ፡ ኣብ ከባቢየይ ዘለዉ ሓረስቶት ብሉጽ ዕፉን ከፍርዩ ክሕግዞም ኣለኒ፡" ክብል መለሰሉ። ኣብ ምብትታኽ ዘሎ ህይወት ጽቡቕ ገይሩ ዝነቕሓሉ'ዩ ዝመስል። ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ሓረስቶት ብሉጽ ዕፉን ከየፍርዩ፡ እቲ ንሱ ዘፍርዮ ክበልጽ ኣይክእልን።

ብኻልእ መልክዑ፤

እቶም ኣብ ቤቶም ሰላም ዝደልዩ፡ ጎረቤቶም ሰላም ክህሉ ክሕግዙ የድልዮም፣ እቶም ብጥዕና ክነብሩ ዝደልዩ፡ ጎረቤቶም ክጥዒ ክሕግዙ የድልዮም፣ ክብረት ህይወት ብምቅርራብ ሰባት'ዩ ዝዕቀን።

እቶም ሕጉሳት ክኾኑ ዝውስኑ፡ ጎረቤቶም ሓጉስ ክረክብ ክሕግዙ የድሊ፣ ድሕነት ናይ ሓደ ሰብ፡ ብማሕበራዊ ድሕነት'ዩ ዝወሓስ።

How to Talk Well – by James Bender


# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምሕደራ ግዜ - ምሕደራ ህይወት!

ግዜ ሓደ ካብ ባህርያዊ ሃብቲ እዩ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል፡፡ ባህርያዊ ሃብቲ ማለት ከኣ ብባህሪ ዝተዋህበና ጸጋ ማለት እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ሓመድ፡ ማይ፡ ኣየር፡ እንስሳታት፡ ሓጺን ወርቂ ወዘተ ባህርያዊ ሃብቲ እዮም፡፡ ባህርያዊ ሃብቲ ንባዕሉ ኣብ ክልተ እዩ ዝኽፈል፡፡ ንሳቶም ከኣ ተኻኢትን ዘይተተካእትን ባህርያዊ ሃብቲ ይብሃሉ፡፡ ተተካኢቲ ባህርያዊ ሃብቲ ደጋጊምና ክንጥቀመሉም እንኽእል ኰይኖም፡ ከም ማይ፡ ኣክሲጂን እንስሳታት፡ ኣታኽልቲ... ወዘተ እዮም፡፡ ዘይተተካእቲ ባህርያዊ ሃብቲ ዝበሃሉ ድማ ሓንሳብ ኣብ ጥቕሚ ምስ ወዓሉ ደጊምና ክንጥቀመሉም ዘይንኽእል እዮም፡፡ ንኣብነት፡ ሓጺን ኑሓስ፡ ጨው፡ ወርቂ ኣሉሚኒየም...ወዘተ፡፡ ወርቂ ብዙተወሰነ ዓቐን ኣብ ዝተወሰ ፍሉይ ቦታታት ናይ ዓለም ዝርከብ ክቡር ማዕድን እዩ፡፡ ካብ'ቲ ዝርከበሉ ቦታታት እንተደኣ ኩሉ ተፋሒሩ ወጺኡ፡ ስለዘውዳእ ኣይትካእን እዩ፡፡

ንግዜ እምበኣር፡ ምስቲ ዘይትካእ ባህርያዊ ሃብቲ ኢና ክነምድቦ ንኽእል፡፡ ካብቶም ዘይተተካእቲ ባህርያዊ ሃብቲ ብዚያዳ ክቡር ዝጉብሮ ግን ኣሎ፡፡ ንሱ ከኣ፡ ዳግማይ ክትገዝኦ ወይ ብኻልእ መልክዕ ክትሸምቶ ስለዘይክኣል እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ወርቂ እንተዘይብልካ ብገንዘብ ካብ ካልኦት ክትሽምቶ ዝከኣል'ዩ፡፡ ግዜ ግን ብዘኾነ ተኣምር - ዋላ'ውን ቢቲ ዝኸበረ ዋጋ ክሽመት ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ እቲ እኹል ኣማራጺ፡ ንዝተዋህበካ ግዜ ብውጽኢታዊ መገዲ ምጥቃም'ዩ፡፡ ስለዚ፡ ግዜ እቲ ብናጻ ዝተለገሰልና ዝኸበረ ህያብ ኰይኑ፡ ክሽየጥን ክልወጥን ዘይክእል ባህርያዊ ሃብቲ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ከኣ ንግዜ ግቡእ ምሕደራ የድልየ፡፡



ምሕደራ ግዜ፡ ስሙ ከም ዝሕብሮ፡ ዝለካ ግዜ ብዝዖባእ ምምሕዳር እዩ፡፡ እዚ ማለት፡ ንግዜኻ ብዝይ ብኸሎት ክትግልገለሉ፡ ከተፍርየሉን ክትዕወተሉን ከለኻ፡ ግቡእ ምሕደራ ግዜ ተባሂሉ ክግለጽ ይኽእል፡፡

ኣገዳስነት ምሕደራ ግዜ ግን እንታይ እዩ? ኣገዳስነት ምሕደራ ግዜ፡ ኣብ'ዛ ዓለም ዕዉት ህይወት ኣብ ምምራሕ ኣዝዩ ዓቢን ወሳኒን እዩ፡፡ እቲ ምንታይ፡ ብዝይ መደብ ምኻድ ማለት፡ ኣብ'ዛ ኩሉ ዕድላት ዝመልአ ዓለም፡ ናብይን ብኸመይን ከም እትኸይድ ዘይምፍላጥ እዩ፡፡ ኣብ መወዳእታኡ ከኣ ዓዊንካ ትተርፍ፡፡

ግዜና ብግቡእ ምምሕዳር ረብሓታቱ ብዙሕ እዩ፡፡ ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ይኹን ስድራቤታዊ ህይወትና ብዝዖባእ ክንጥቀመሉ ምስእንኽእል ክነዕውት ይሕግዘና፡፡ እዚም ዝስዕቡ ክልተ ነጥቢታት ከም ኣብነት ምጥቃስ ድማ ኣገዳሲ እዩ፡፡

- ኣብ'ዛ ምስ ግዜ እትውንጨፍ ዓለም፡ ነባሪ ቀጻሚ-ነገር ከተበርክት የኽእለካ፡፡ እዚ ማለት፡ ኣብ'ዛ ምድሪ ክሳብ ዘለኻ ዝተዋህበካ ግዜ፡ ኣብ ረብሓኻን ኣብ ረብሓ ካልኦትን ተውዕሎ፡፡

- ዕላማታትካ ብግቡእ ምእንቲ ከተተግብርን ገዚእ ርእስኻ ብግቡእ ምእንቲ ክትቆጻጸርን ዘኽእል ጥበብ እዩ፡፡

ጥቕምታት ምሕደራ ግዜ ንዝበዝሕና ዝርደኣና'ኳ እንተኾኑ፡ ሰጉምቲ ኣብ ምውሳድ ግን ዛሕልታት ነርኢ ኢና፡፡ ስለዚ፡ ኣብ ምሕደራ ግዜ ገዛእ ርእስና ንምፍታሽ ንበገስ፡ ዕዉታት ኩይንና እንተጸናሕና ጸቡቕ - ንቐጽሎ፡፡ ንግዜና ብኸፊል እነመሓድር እንተኾንና ናብ'ቲ ዝለዓለ ኣጠቓቕማ መታን ክንድይብ ጻዕርታትና ነሐይል፡፡ እንተደኣ ንግዜና ብኸነቱ ነኺፍን ኳንና ጸኒሕና ግን፡ ከይወዓልና ከይሓደርና መፍትሒ ዝኾነና ሰጉምቲ ንውሰድ፡፡ ምኽንያቱ፡ ግዜ ምምሕዳር ማለት ህይወት ምምሕዳር ማለት ስለዝኾነ፡፡ ግዜ ዘይምምሕዳር ድማ፡ ህይወት ዘይምምሕዳር ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ፡ ንርእስና ኣብ ከቢድ ዝቕቲ ፍሽለትን ድሕረትን ከይንረኽብ ንግዜና ንምምሕዳር ብኣጋኡ ንበገስ፡ "ሽሕ ኪሎ ሜትሮ ብሓደ ሰጉምቲ እዩ ዝጅምር" እሞ ሎሚ ደኣ ግዜና (ህይወትና) ክንመሓደር ንበገስ፡፡

ሓደ ካብ'ቲ ብዙሓት ሰባት ንግዜ ብኸነቱ ዘጥፍኡሉ ሕማቕ ልምዲ፡ ምስጓጓር ስራሕ ወይ ምድንጓይ (procrastination) እዩ፡፡ ሎሚ ወይ ሕጂ ክንገብሮ እንኽእል ነገር፡ ናብ ጽባሕ ምስጓጓር መርኣያ ድኽመት ኣብ ናይ ምሕደራ ግዜ እዩ፡፡ ዝ. ንምፍዋስ፡ ኣቐዲምና ጠንቅታት ናይ'ዚ ምስጓጓር ስራሕ ዝተባህለ ጉዳይ፡ ከቢድ ምልላይ ከድልየና እዩ፡፡ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ሓሳባት፡ ጠንቅታት ናይ ምስጓጓር ስራሕ ወይ ምድንጓይ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ብመጽናዕቲ ተሓቢሩ ኣሎ፦

=> ከይትፈሽል ምስጋእ- እዚ ማለት፡ ብዛዕባ ወጽኢት ናይቲ ትገብሮ ዘለኻ ትጠራጠር'ሞ፡ ነቲ ክትገብሮ ዝግበኣካ ንምድንጓይ፡ ምስምሳት ንምርካብ ሃሰው ምባል እዩ፡፡

=> 'ፍጹምነት ሂወተይ ክቆጻጸሮም ኣይክእልን'የ' ዝብል ስምዒት- እዚ ነቲ ክትገብሮ ዝግበኣካ ንምጅማር፡ ኣብ ከባቢኻ ብዘለዉ ነገራት ትውሰን ወይ ንኸባቢኻ ከም መመኽንይታ ትጥቀመሉ ከለኻ'ዩ ዘመልክት፡፡

=> ንጹር ደረት ግዜ ዘይምህላው- ንዕዮኻ ብናይ ግዜ መቓን ዘይትሰርዖ እንተ ደኣ ኰይንካ፡ ንምጅማሩ ስለዘይትግደድ፡ 'ደሓን ክርክቦ'የ' እናበልካ ግዜኻ ተብኩን፡፡

ኣብ ምሕደራ ግዜ፡ ጸገምትካ ብዝዖባእ እንተ ኣለልኻ፡ እቲ ዝተርፍ መፍትሒታት ምድላይ'ዩ፡፡ በዚ መሰረት፦

=> እትጅምረሉ ገደብ ግዜ ምውሳን- እዚ ማለት፡ ነቲ ዕዮ እትውድኣሉ ግዜ ጥራይ ምውሳን እኹል ስለዘይኮነ፡ መዓስ ትጅምሮ ምውሳን እውን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ንውሳኔኻ ምኽባር እውን ይግባእ፡፡

=> ንዝኸብደካ ስራሕ ቢቲ ዝቐለለ ሸነኹ ምጅማር- እቲ ስራሕ ትርር ዝበለካ እንተደ ኰይኑ፡ ቢቲ ንምዕያዩ ዘይከብደካ እንተጀሚርካዮ፡ ነቲ ዝኸበደካ ሸነኹ ቀስ ብቐስ ክትደፍሮ ትኽእል ኢኻ፡፡ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ዝለምለመ ሸነኽ ኣለዎ፡ ብእኡ ምጅማር ንግዜኻ ብዝዖባእ ክትጥቀመሉ የኽእለካ፡፡

=> ብኣተርእዮ ምዕባለ ንገዛእ ርእስኻ ምምጓስ- ከምዚ ምግባር ሞራል ስለ ዘፈጥረልካ፡ ንናይ ምስራሕ መንፈስካ የበራትዖ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ኣብ ምሕደራ ግዜ ብኣተርእዮ ዓወት ይኹን ጸጋፍ ኣጠቓቕማ ግዜ፡ ንገዛእ ርእስኻ መጉሳ፡፡

## ኣድማዒ ምሕደራ ግዜ

እንጥቀመሉ ኣመሓዳድራ ግዜ ውጽኢታዊ ክኸውን ዝጉብርዎ ረቛሒታት ኣለዉ፡፡ እዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ክንጠቕሶ፦

**ንጹር ዕላማ ምህላው**

- ኣብ ኣእምሮኻ ብቐጻሊ እትዝክሮም ዕላማታት ክህልዉኻ ይግባእ፡፡

- ንዕላማታትካ ኣብ ጽሑፍ ኣሰፍሮም፡፡

- ብቐጻሊ ክረኣዮካ ኣብ ዝኽእል ስፍራ ሰቕሎም፡፡

- ምሳኻ ሒዝካዮ ኣብ እትገዓዝ ተንቀሳቓሲ መዘክር ኣሰፍሮ፡፡

**ውጥን ምድላው**

=> ውጥን ዕላማኻ እተተግብረሉ ኣገባብ ወይ ሜላ እዩ፡፡

=> ዕላማ ብዘይ ውጥን ናብ ከንቱ ትምኒት'ዩ ዝቕየር፡፡

=> ውጥንትካ ናይ ነዊሕ፡ ማእከላይ፡ ሓጺር ብምባል ክትከፋፍሎም የድሊ፡፡

**ቀዳምነታት ምስራዕ**

• ቀዳምነታት ምስራዕ ኣካል ምሕንጻጽ ውጥን ኰይኑ፡ ብዛዕባ'ቶም ቀንዲ ዘገድሱኻን ቀዳምነ ከተሳልጦም ዘለካን ነገራት ምውሳን እዩ፡፡

• ቀዳምነታትካ ክትሰርዕ ከለኻ፡ ንኹሉ ክትገብሮ እትደሊ ነገር ብግቡእ ገምግም፡ ንብሰኻ ድማ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሕተታ፡

• ቀልጢፍካ ክዕየዩ ዘለዎም ኣገደስቲ ዕዮታት ኣየኖት እዮም?

• ንሓጺር ግዜ ብዘይ ጸገም (ሳዕቤን) ክናውሑ ዚኽእሉ ዕዮታትካ ኣየኖት እዮም?

• ንስሙን ንወርሒ ወይ ልዕሊኡ ክናውሑ ዝኽእሉ ዓይነት ዕዮታትካ ከመይ ዝበሉ እዮም?

**ስሉጥ ዝርዝር ንጥፈታት ምድላው**

- ቀዳምነቱ ብዘየገድስ ንዕላማኻ ምርኩስ ብምግባር ኣዳልዎ፡፡

- መዓስ ተተግብሮም ብዘየገድስ ኣብ ወረቐት ምስፋርም ሓጋዚ እዩ፡፡

ስሉጥ ዝርዝር ዕለታዊ ንጥፈታት ምድላው

=> እዚ፡ ንግሆ ንግሆ ወይ ድማ ብድሮ ናይ'ታ ኑየም ንጥፈታትካ እተሳልጠላ መዓልቲ ምድላው ይከኣል፡፡

=> ኑየም ዝዖመማኣዮም ንጥፈታት ምልክት እናገበርካ ምኻድ ሞራል ስለዝሁብ ሓጋዚ እዩ፡፡

**መዘኻብ ዝኽሪ**

• ኣብ ሓደ መዓልቲ ብልክዕ እንታይ እንታይ ሰሪሕኻ፡ ምስ መን መን ተራኺብካ፡ ዝበዝሐ ግዜኻ ኣብይ ኣጥፊእካ... ወዘተ ኣብ መዝገብ ዝኽሪ (diary) ብዝዖባእ ኣሰፍሮም፡፡

•ካልእ ግዜ ከም መወከሲ ንኡበሰኻ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ንምርኣይን ክሕግዘካ እዩ፡፡

ኣብ ሓደ ግዜ ሓደ ስራሕ ምስራሕ

- ወጽኢታዊ ስራሕ ንምስራሕ ይሕግዝ

-ክንደይ ሰዓት ስራሕካ ጥራይ ዘይከኣ ክንደይ ኣፍሪኻ ንምፍላጥ'ውን የኽእለካ፡፡

ምስ ኑበሰኻ እትመያየጠሉ ግዜ ፍሉ

=> ኣብ ሰሙን እንተወሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ጸምዋ ቦታ ምስ ኑበሰኻ፡ ብዛዕባ ዝቐጸለ ውዕሎኻ ወይ መጻኢ መደባትካ ኣዕልል፡፡

**ዕዮኻ ዘይምሽጋግል**

• ህጹጻት ጉዳያት ኪጋጥመካ ንቡር ነገር'ኳ እንተኾኑ፡ ብዙሕ ኻእለካ ግን ኣገደስቲ ዕዮታትካ ኣይተሰናኽሉ፡፡

እተፍርየሉ ግዜ ምልላይ፡

- እዚ፡ ቡዓሊ ዕዮታትካ ከተፈጽም የኽእለካ፡፡

- እዚ፡ ነቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ዕዮኻ ከተተግብር ይሕግዘካ፡፡

**ግዜ ዘጥፍኡ ንጥፈታት ምውጋድ**

=> ወልፊ፡ ጭንቀት፡ ጸቕጢ፡ ነዊሕ ግዜ ንኣእምሮኻ ዝገዘኦ ሓሳባት ከተውግድ ምጽዓር፡፡

ናይ ግዜ ስሉዳ ምድላውን ምሕላውን

• ስራሕና ብእዋኑ ክንፍጽም ሓጋዚ እዩ፡፡

• ቅድሚ ዝተወሰነልካ ናይ ግዜ ስሉዳ ዕዮኻ ምፍጻም ዕግበት ይፈጥር፡፡

• ብኣንጻሩ ዕዮኻ ኣብ እዋኑ ዘይምፍጻም ጸቕጥን ጭንቀትን ይፈጥር፡፡

**ውዱብ ኣካይዳ ምኽታል**

- ብቐጻሊ እትጥቀመሎም ነገራት ኣብ ቀረባኻ ኣቐምጦም፡፡

- ንበረትካ ፍሉጥ መቐመጢ ቦታ ይሃልዎ፡፡

- ኣብ መዓልቲ ውሑድ ግዜ ንበረትካ ንምትዕርራይ ወፊ፡፡

**ተመሳሳልቲ ዕዮታት ብሓደ ጠርኒፍካ ምዕያይ**

=> ከተተግብርዎም ዘወጠንካዮም ዕዮታት ብተመሳሳልነት ስርዓቶም እሞ ብሓደ ኣጣምሮካ ከተተግብሮም ፈትን፡፡ ንኣብነት፡ ዝተፈላለዩ ኣስቤዛታት ካብ ዕዳጋ ምዕዳግ ወይ ምሻማት፡፡

መዘከሪ ኣዳሉ

• ዕዮኻ መታን ከይትርስዕ ከም መበራበሪ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ተጠቐም፡፡

• ከምኡ'ውን ዓውደ ኣዋርሕ ምጥቃም ይከኣል፡፡

**ናይ ምትዕጽጻፍ ክእለት ይሃሉኻ**

- ዘይተጸበኻዮ ጣልቃ ዝኣትዉኻ ነገራት ምስ ዘጋጥሙኻ እንታይ ክትገብር ትኽእል፡፡

- ኣብ መንጎ መደባትካ ጎፍ ዝብለካ ነገራት ዝኸውን ወሰኑን ግዜ ፍሉ፡፡

**ንዘይተጸበኻዮ ህልዊት ግዜ ናብ ረብሓኻ ኣውዕሎ**

- ቆጸራ

- ህዝባዊ ቦታታት

ብተወሳኺ፡ ዕዉት ምሕደራ ግዜ ከተተግብር፡ ናይ ገዛእ-ርእስኻ ዲስፕሊን ሓሊ፡፡ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ዝኾኑ ጉዳያት ክትሓስብ ግዜኻ ኣይተጥፍእ፡፡ ኣገደስቲ ንዘይኮኑ ዕድመታት ኢድካ ምሃብ እውን ኣይትረስዕ፡፡



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሰሲት ሓዳት ዒሉ፡ ተኸሳሲት ያስሚን ስምኦን ንገዝዘብ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መርሃዊት ዞርያስ መንግስቱ ምግባል ተሪፉ፡ መርሃዊት ደብኣሎ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ተኸሰተ ማሞ ክፍሉ፡ ኣደ ደቀይ ሰገን ገብረሂወት ተስፋይ ስለዝዓረፈት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሰሲት ኣልማዝ ኣፈወርቂ ገብረትንሳኤ፡ ተኸሳሲ መሓሪ ጸጋይ ዘሙይ ንናይ ቀለብ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የናታን ጠዓመ ገብረየውሃንስ፡ ኣቦይ ጠዓመ ገብረየውሃንስ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ይቕረብ።

ስምኦን የውሃንስ ወልዱ ምግባል ተሪፉ፡ ስምኦን ተኽለ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርገበል የሴፍ ሃብተማርያም ምግባል ተሪፉ፡ የርገበል የሴፍ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሳምሶን በየነ ተስፉ እንድርያስ ምግባል ተሪፉ፡ ሳምሶን በየነ ገብሪይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ክብራ ተወልደ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ወልደማርያም ተስፉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 13 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገወይኒ ኪዳነ ዘርኦም፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል ወልደገብርኤል ፍርዱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብስራት ኪዳነ ዞሚካኤል፡ ኣዴና ለምለም ተስፋዝጊ ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሳራ ኪዳነ ተኽለዝጊ፡ ብወለዳ 1.ኣቶ ኪዳነ ተኽለዝጊ ወልደስላሴ 2.ወ/ሮ ስምረት ገብረሂወት ኣብራሃም፡ ስም ጓልና ሳራ ምግባል ተሪፉ፡ ሳሮን ኪዳነ ተኽለዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃት ማሳሻ መጃ፡ ስም ኣደይ ግብጻዊት ገብረሚካኤል ምግባል ተሪፉ፡ ብፑር ገብረሚካኤል ጊላዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዲያና መሪሕ፡ ብመንገዲ ወኪል ወ/ሮ ሉላ ሳህለ ኣስመሮም ኣቢሉ ስመይ ዲያና መሪሕ ምግባል ተሪፉ፡ ሊንዳ መሪሕ ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መና ገብረየውሃንስ ተስፋጽዮን፡ ብዓል ቤተይ መረስዕ ተኽለ ገብረመስቀል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ከኣ ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰሲት ወ/ሮ ክብራ ተወልደብርሃን፡ ተኸሳሲ ምሉብርሃን ሃብተሚካኤል ኪዳኑ ናይ ምዝታትት ቀለብ ቀልዓ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ መብራህቶም ዛይድ በርህ፡ ኣዴና ለተኣምላክ ኪዳነ ገብረስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ቀሺ ብርሃ ኣሰያስ 2.ወ/ት ልዋም ቀሺ ብርሃ ኣሰያስ 3.ወ/ት ኣርሴማ ቀሺ ብርሃ ኣሰያስ 4.ወ/ት ዊንታ ቀሺ ብርሃ ኣሰያስ ብወኪል ወ/ት ልዋም ቀሺ ብርሃ ኣሰያስ፡ ኣቦና ቀሺ ብርሃ ኣሰያስ ዝገደፈልና ህያብ ኣብ ዓዲ ሃሎ ብሎክ 388 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ወላዲና ኣቦና ብውህብቶ ስለዝገደፈልና ይጽደቐልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰሲት ወ/ሮ መድህን ግርማይ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብተስላሴ ወልዱ ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ምሕረት ዑቕባገብርኤል፡ ስም ኣቦ ሰወእ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ተስፉ ምግባል ተሪፉ፡ ካሕሳይ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናስራ መሳ መሳኡር ምግባል ተሪፉ፡ ናስራ መሳዑመር መሳኡር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰስቲ፡ 1.ኣቶ ዘርኣብሩኽ መሓሪ ገዘሩ 2.ኣቶ ሰመረ መሓሪ ገዘሩ 3.ኣቶ ሄኖክ መሓሪ ገዘሩ ብወኪል ኣቶ ሰመረ መሓሪ ገዘሩ፡ ተኸሰስቲ፡ 1.ገብረእግዚኣብሄር መሓሪ ገዘሩ 2.ወልዱ መሓሪ ገዘሩ 3.ስምረት መሓሪ ገዘሩ 4.ብርሃ መሓሪ ገዘሩ 5.ራሄዋ መሓሪ ገዘሩ 6.ሓዳስ መሓሪ ገዘሩ 7.ፊልሞን መሓሪ ገዘሩ 8.ፍኖሪ መሓሪ ገዘሩ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ተወልደ ካሕሳይ ዑቕባዝጊ ምግባል ተሪፉ፡ ተወልደ ሃዋዝ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓንደማርያም ምሕረትኣብ መድህን ምግባል ተሪፉ፡ ዓንደማርያም ምሕረትኣብ ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ዑቕባ ኪዳነ ሃይሉ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣይንኣለም ቀሺ ክፍላይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብፍ/ቤ/መሳል ኣኽዘ ሓጎስ፡ ብፍ/ቤ/ዕዳ 1.ኣቶ ኣስመላሽ ታደሰ 2.ሄኖክ ወርቁ 3.ኣቶ በረኸት የማ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ሾናራ ሚካኤል ምግባል ተሪፉ፡ ኣርሴማ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣደም ዳኒኤል ምግባል ተሪፉ፡ ኣዳም ዳኒኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ወ/ሮ ኣኽበረት ዓንደብርሃን ተኪኤ፡ ኣደይ ምልእተ ኒጋሽ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኢትባረኽ ካሕሳይ ገብረዝጊ፡ ወላዲየይ ካሕሳይ ገብረዝጊ ፍቓደን ኣዴና ጥሩ ይግዛው ተኽሉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 15 ናይ ኣቦና ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ናይ ኣዴና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑመር ኢብራሂም እድሪስ ምግባል ተሪፉ፡ ዑመር ኢብራሂም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ኣቶ ወልደትንሳኤ ኢሳቕ ገብረመድህን፡ ኣቦይ ኢሳቕ ገብረመድህንን ኣደይ ኣስገደት በራኺ ኣባይን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 11 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ዓብዱ ኢብራሂም ዑጥባ፡ ተጸዋዒ ኣሕመድ ሳልሕ ኣማን ናይ ስቪል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ዘርኢጋብር መንግስትኣብ ገብረማርያም ምግባል ተሪፉ፡ ዘርኢጋብር መንግስ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና እብራሂም ሕመድ ምግባል ተሪፉ፡ ኣምና እብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ወላዲትና ኣዜብ ወልደገርግሽ ወልዱ፡ ኣብ ዓዲ ቁንጺ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብኣካልንን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ስድራቤት ነ/ሄር ገብረትንሳኤ ተስፋጽዮን



### ምስጋና

ብዞት ኣገዳ ዘፍቅራን ዝፈትዋን ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ መጃሾ ጣሻይ ገብረትንሳኤ፡ ኣብ መበል 71 ዓመት ብሕማም ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ከተማ ኦክላንድ ስለዝዓረፈት ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ሬሳ ኣብ ምፍናው ብኣካልን ብፋይናንስን ዝተሓባበርኩምና ብፍላይ ቤተክርስትያን መድሃኔኣለም ካህናት ምእመናን ንዘገበርኩምልና ፍትሓት ጸሎት ብምምስጋን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተሪጽምቲ ኬድኩም ዝቃበርኩምና፡ ኣብ ቤትና ብምምልላስ ዝጸናናዕኩምና፡ ካብ ወጻኢ ሃገራት ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዕጸና ንሕብር።

ብዓል ቤታ መስፍን ልጅ ዘርኡ
ምስ ደቅናን ምሉኣት ስድራ ቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ጸሃይሸ ወልደኣብ ማዘንግዑ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እምባደርሆ ዝቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ደቃን ምስ ምሉኣት ስድራቤት
ብዓል ቤታ ነፍ/መሓሪ ጊላዝጊ

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ምምሕዳር ሆቴላት መንግስቲ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት 2025 ከምኡ'ውን መበል 35 ዓመት ጽምብል ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣብ ሆቴላት መንግስቲ ባጽዕ ገርግሱም ቢች ሆቴልን ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን ኣብ ዘሎ ክፉት ቦታ (open Area) ብክራይ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ክዳልዉ ንዝደልዩ ግዱሳት ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት፡

*ተጫረትቲ ኣብ ምዝንጋዕ ተዛመድቲ ንጥፈታት ናይ ዝሰርሑ TIN Number ክህልዎ ይግባእ

* መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ብcpo የትሕዝ።

* ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን5 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ (መግለጽን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደምበ ስምባል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል።

*ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

* ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም
ምም/ሆ/ መንግስቲ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ታይፐይ ማራቶን - ዕቑባይ ጸጋይ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ

ኤርትራዊ ኣትሌት ዕቑባይ ጸጋይ፡ ሰንበት ኣብ ታይዋን ኣብ ዝተኻየደ ናይ ወርቂ ደረጃ ዘለዎ 'ታይፐይ ማራቶን'፡ ሳልሳይ ኣትዩ።

ኣብ 42.2 ኪሎሜትር ውድድር፡ ኬንያዊ ብራሚን ኪፕኮሪር ብ2 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 41 ካልኢትን ብምዕዋት፡ ግብሪ ዝቐረጸ ተሸላሚ 67,500 ዶላር ኮይኑ። ኢትዮጵያዊ ኣትሌት ጋዲሳ ብርሃኑ 13 ካልኢታት ድሒሩ ካልኣይ ክኣቱ እንከሎ፡ ዕቑባይ - ብ2 ሰዓትን 12 ደቒቕን ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይኑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራዊ ኣትሌት ሄኖክ ተስፋዬ፡ ብ2 ሰዓት፡ 17 ደቒቕን 9 ካልኢትን ሻዱሻይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብ 1986 ዝጀመረ ታይፐይ ማራቶን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓመታት እናቋረጸ ክካየድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ድሕሪ 2001 ግን፡ ዓመታዊ ብስሩዕ ይካየድ ኣሎ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ክኣ፡ ኣብ 2020 ኬንያዊ ፓውል ሎንያንጋታ ዝዘረሞ 2 ሰዓት፡ 9 ደቒቕን 18 ካልኢትን እቲ ዝቐልጠፈ ግዜ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ። እዚ ውድድር፡ ደቂ ኣንስትዮ'ውን የሳትፍ እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣባል ጋንታ ፍረ ጻዕሪ ዝኾነ ኣትሌት ኣማኑኤል በርሀ፡ ኣብ እስጳኛ ኣብ ፋልማይ ናይ ጉያ መሮር ውድድሩ፡ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ። ኣብታ ሃገር ኣብ ማላጋ ማራቶን ዝተሳተፈ ሞንስ ሽማይ ግና፡ ውድድሩ ኣይወደአን።



ዕቑባይ፡ ካብ የማን ሳልሳይ ዘሎ

## ውድድር ተኒስ ስንኩላን ተዛዚሙ

ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሩ ኣብ መኣከር ደንደን (እንዳ ስንኩላን) ክካየድ ዝጸንሐ ባይታ ተኒስ ስንኩላን ሰንበት 15 ታሕሳስ ተዛዚሙ።

እዚ 17 ተጻወትቲ ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ኣብ ክልተ ምድብ 'ሀ'ን 'ለ'ን ተኸፋፊሎ እዩ ተኻይዱ። ኣብ ምድብ 'ሀ'፡ ኣንገሶም ወልዳይ፡ ኣስራት ተኽለይ፡ ደብሳይ ጌታሁን፡ ሃይለ ንሁሱ፡ ሓይለኣብ ኢልያስ፡ መዓሾ ተኽለሚካኤል፡ ቴድሮስ ኣረጋይን ዑመር ሱሌማንን ነይሮም። ኣብ ምድብ 'ለ' ክኣ፡ ኣንበሳ ብርሃኑ፡ ኣንገሶም ሃይሉ፡ ቢንያም ዓንቀጹ፡ ድራር ዑቕባሚካኤል፡ ኢብራሂም መሓመድ፡ መሓመድኣደም ዑመር፡ ተኽሊት ኪዳኑ፡ ተኽለማርያም ወረደን ተስፋሂወት ተኽለን ነይሮም። ብድምር ነጥቢ ክኣ፡ ደረጃኦም ሒዞም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ምድብ 'ሀ' ሃይለ ንጉሱ፡ ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ኣስራት ተኽለይን ኣንገሶም ወልዳይን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም። ኣብ ምድብ 'ለ' ድማ፡ ኣንገሶም ሃይለ ንኢብራሂም መሓመድን ድራር



## ስፖርታዊ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድር ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቐጻሊ ትማሊ ኣብ ዝተፈላለዩ ሜዳታት ቀጺሉ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓርነት ንየካቲት 5-ብ0፡ ደንደን ንልምዓት 2-ብ1፡ ሓላይ ንኢሳቕ ተወልደመድህን 5-ብ2፡ ቀይሕ ባሕሪ ንእምባዛ 8-ብ0 ሰዒረናኦን። ባርካን ኣስመራ ሓፈሻዊን 2-ብ2 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ሰምበልን ጸዕዳ ክርስትያንን ከም'ኡ'ውን ኢብራሂም ሱልጣንን ሰማእታትን 0-ብ0 ተፈላልየን።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንእምባዛ 4-ብ0፡ ሰምበል ንዲያእ 1-ብ0፡ ባርካ ንኢብራሂም ሱልጣን 3-ብ1፡ ሓላይ ንኢሳቕ ተወልደመድህን ማይ ሻፍሒ ንሱሓርቲ ብተመሳሳሊ 3-ብ2 ረቲዐናኦን። ሰማእታት ንርእሲ ዓዲ ከም'ኡ'ውን ደንደን ንየካቲት ብተመሳሳሊ 2-ብ1 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ሓርነትን ልምዓትን 0-ብ0 ተፈላልየን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንደቐሰብ፡ እምባዛ ንዲያእ፡ ሰምበል ንሚናበ ዘርኣይ፡ ደንደን ንየካቲት፡ ሓርነት ንተኸለ ዓንበ፡ ማይ ሻፍሒ ንሱሓርቲ፡ ሰማእታት ንየካቲት፡ ባርካ ንኢብራሂም ሱልጣን ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ሓላይ ንኢሳቕ ተወልደመድህን 2-ብ1 ኣሸኒፋታ።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንደቐሰብ፡ እምባዛ ንዲያእ፡ ሰምበል ንሚናበ ዘርኣይ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንሓላይ፡ ጸዕዳ ክርስትያን ንሰማእታት ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ክረትዕአን እንከለዋ፡ ማይ ሻፍሒ ንሱሓርቲ፡ ሓርነት ንተኸለ ዓንበ፡ ቶኽር ንደንደን ከም'ኡ'ውን ባርካ ንኢብራሂም ሱልጣን ብተመሳሳሊ 2-ብ1 ኣሸኒፈናኦን።

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሰምበል 33-ብ8፡ እምባዛ ንሓርነት 31-ብ22፡ ደንደን ንኣስመራ ሓፈሻዊ 30-ብ2፡ ባርካ ንሰማእታት 25-ብ23፡ ደምበ ሰምበል ንኢሳቕ ተወልደመድህን 40-ብ24 ረቲዐናኦን።

ብደቂ ተባዕትዮ ክኣ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሰምበል 91-ብ5፡ እምባዛ ንሓርነት 63-ብ44፡ ባርካ ንኣስመራ ሓፈሻዊ 55-ብ11፡ ሰማእታት ንኢብራሂም ሱልጣን 48-ብ20፡ ሓላይ ንልምዓት 51-ብ31፡ ደምበ ሰምበል ንኢሳቕ ተወልደመድህን 83-ብ27 ከምዝሰዓረአን ካብቲ ጨንፈር ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።



## ኣዱሊስን ኣልታሕሪርን፡ ፋልማይ ዓወት ኣመዝጊበን

ግጥማት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት ብኽልተ ግጥማት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ዓበይቲ ጋንታታት ኣዱሊስን ኣልታሕሪርን ፋልማይ ዓወት ኣመዝጊበን።

ንሓይሊ ኣየር ዝገጠመታ ኣዱሊስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ግጥማታ፡ ዓወት ከየመዝገበት እያ ጸኒሓ። ኣብዚ ጸወታ ግን፡ ኣብ መበል 63 ደቒቕ ናህም በራኺ ብዘቑጸራ እንኮ ሸቶ፡ 1-ብ0 ተዓዊታ። ናህም ክኣ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናብዚ ግጥም ተባሂሉ። ሎሚ ዓመት ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ዝሓለፈትን ምሉእ ነጥቢ ሒዛ ዝጸንሐትን ሓይሊ ኣየር፡ ፋልማይ ስዕረት ቀሚሳ።

ስሙያት ክለባት ሃገርና ኣልታሕሪርን ኣስመራ በራን ዘራኸበ ጸወታ፡ ናይቲ ዕለት ዝዓበየ ቆላሕታ ዝረኸበ ጸወታ ነይሩ። በራ፡ ናብዚ ጸወታ ሓሙሽተ ነጥቢ ሒዛ ክትኣቱ እንከላ፡ ኣልታሕሪር ግና፡ ብዘይ ነጥቢ እያ ጸወታኣ ጀሚራ።

እንተኾነ፡ ኣልታሕሪር፡ ኣብ መበል 84 ደቒቕ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ካብ ዝተሰምየ ተጻዋታያ ሚሮን ዓንደም ብዝረኸበታ እንኮ ሸቶ፡ ናይ መጀመርያ ሰለስተ ነጥቢ ሓፊሳ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉስ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ፓራዲዝ፡ ጉዳይፍ ምስ ማይ ተመናይ፡ ከም'ኡ'ውን ኩብንያ ሰምበል ምስ ደንደን ካብ 11:30 ቅ.ቀ ጀሚረን ብዝካየዳ ግጥማት ክቕጽል እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ግጥማት ካልኣይ ዲቪዥን'ውን ብቐዳም 14 ታሕሳስ ብሰለስተ ጸወታታት ናይ ዓመተ-ስፖርት 2024-25 ውድድሩ ፈሊሙ።

በዚ መሰረት፡ እዚ ውድድር ዝመወሰአ ገዛ ጥንዳን ማይ ተመናይን ክኾና እንከለዋ፡ ገዛ ጥንዳ ካብ ኬብሮን ኤሸንን ዳኒኤል ቀሲትን ብዘረኸበቶን ሸቶታት 2-ብ0 ተዓዊታ።

ንኩብንያ ህንጻ ሳዋን ዕዳጋ ሓሙስን ዘራኸበ ጸወታ ክኣ፡ 2-ብ2 ተዛዚሙ። ዕዳጋ ሓሙስ ካብ ሴም ኢሲያስን ዳዊት ኣብርሃምን፡ ሳዋ ድማ፡ ካብ ሮቤል ሃብተማርያምን ኣማኒኤል ተስፋጋርግሽን ሸቶታት ኣመዝጊበን።

ሓይሊ ኣየር ክኣ፡ ኣባላ ሓየሎም ሃብተማርያም ሃትሪክ ኣብ ዝሰርሓሉ፡ ንኣኽሪያ 3-ብ0 ሰዒራታ።



## ንኡስ ዞባ ዱብርዋ - ስፖርታዊ ውድድር ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዱብርዋ፡ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ውድድር ይካየድ ምህላዉ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረድአ።

ውድድር ኣትሌቲክስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀት ዝተዓወቱ ኣትሌታት ክኣ፡ ኣብ 100 ሜትሮ - ሚሮን ግርማይን እሰይ ታደሰን ጋንታ ምስሎም፡ ከም'ኡ'ውን ሳምሶም የውሃንስ ጋንታ ጉዛምዛ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ክኣ፡ ደሊና ሃብቶም፡ ሰሊያና ጉብረእግዚኣብሄርን ዲቦራ ዳዊትን ካብ ጋንታ መረብ ተዓዊተን።

ኣብ 200 ሜትሮ፡ ኣሌክስ ሓለፎም - ምስሎም፡ ሳሚኤል ኣብርሃም - ጉዛምዛ፡ ሴም መሓሪ - ምስሎም ምስ ሚልኪያስ ሙብራህቱ ተደሪቡ ኣትዩ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ራህዋ ጉብረመድህን - መረብ፡ ራሄል ኣልጋወራሽ ምስሎም፡ ኮኾብ ክፍላይ - መረብ ተዓዊተን።

ኣብ 400 ሜትሮ መንክ ተስፋይ፡ የናስ ኪብሮምን ኢሲያስ መሓሪን - ካብ ምስሎም እንክዕወቱ፡ ሶሂት ዳዊት - ጉዛምዛ፡ የሳን ሃብቶምን የዲት መንግስትኣብ ካብ ምስሎም ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዘን።

ኣብ 800 ሜትሮ የማነ ኣማኒኤል፡ ጉዛምዛ፡ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኮኾብ በረኸትን ምጽላል ክፍለማርያምን ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ኣትየን።

ኣብ 3000 ሜትሮ ክኣ፡ መሰረት ማራቆስ ሰለሙን የውሃንስን ሚሮን ጉብረመስቀልን ካብ ምስሎም፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዳህላክ ኣሚን - ምስሎም፡ የዛና ክፍላይን የዲት ሰመረን ካብ መረብ ተዓዊቶም።

ብደረጃ ጋንታ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ምስሎም ንጉዛምዛን መረብን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ወጺኣ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ክኣ፡ መረብ፡ ገዛ ሳምዛን ምስሎምን ከም ናይ ደቂ ተባዕትዮ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዘን።

ብዘይካ'ዚ፡ ቅድድም ብሽክለታ ንኻልኣይ ሰሙን ተኻይዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ኤቨን እዮብ፡ ሚሊ ሳምሶምን ሳይሞን የናስን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ፊልሞን ተስፋጼን - ሓድነት፡ ኣዶናይ ኣብርሃምን ኬብሮን ጉብረትንሳኤን ጋንታ ሰላም ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዞም። ብጋንታ ክኣ፡ ሰላም ብ31 ነጥቢ ክትዕወት እንከላ፡ ሓድነት ብ13 ራህዋ ብ12 ነጥቢ ድሒረን ተሰሪዐን።

ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ናትናኤል ተኽልዝጊ ፍሱሓጼንን ናህ ጉብረክርስቶሰን ካብ ምስሎም፡ ብደቂ ኣንስትዮ ክኣ፡ ሳሮን ግርማይን ደሴት ፍሱሓጼንን ካብ ጉዛምዛ፡ ግርማዊት መሴ - ምስሎም ተዓዊተን።



ኣብ 1500 ሜትሮ እሰይ ጉብረእግዚኣብሄር - ምስሎም፡ ኣብርሃም ተኽለሚካኤል - ሙልጌታ - ራህዋ፡ ዳኒኤል ክፍሎም - ሓድነት፡ ናትናኤል ጸጋይ - ራህዋ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። ብጋንታ ድማ፡ ራህዋ 24 ነጥቢ፡ ሓድነት 22 ነጥቢ፡ ሰላም 10 ነጥቢ ክሳብ ሳልሳይ ተሰሪዐን። እዚ ውድድር፡ ሰንበት ሳልሳይ መድረኽ ክካየድ እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## በይናዊ እገዳታት ኣመሪካ ክለዓል ጻውዒት ቀሪቡ




ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኩባን ቨነዙዌላን ኣጺኒዓቶ ዘላ በይናዊ እገዳታት ክተልዕሎ፡ ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ካሪብያንን ጻውዒት ኣቕሪበን።

መራሕቲ ናይ'ተን ሃገራት ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ቨነዙዌላ ኣብ ዝተቀደደ ርክብ፡ እቲ እገዳ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ክልቲአን ሃገራት ከቢድ ቀጥባዊ ተጽዕኖ ፈጢሩ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣመሪካ ንምልዓሉ ስጉምቲ ክትወስድ ኣዘኻኺርናም።

እቲ ስጉምቲ፡ ኣብ ልዕሊ ክልቲአን ሃገራት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ዞባ እውን ኣሉታዊ ጽልዋ ኣኸቲሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ ድማ፡ ብሓባር ክምከት ከምዝግበኦ ኣረዲኦም።

መንግስቲ ኣመሪካ፡ ካብ 1960ታት ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ኩባ ኣጺኒዕዎ ብዘሎ እገዳ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ኣስታት 900 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ቀጥባዊ ክሳራታት ከምዝወረደ፡ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣመሪካ፡ እቲ እገዳ ክለዓል ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከቕርቦ ንዝጸንሐ እማመታት ክትዓግቶ ምጽናሓ ዝፍለጥ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ቨነዙዌላ ኣጺኒዕዎ ብዘሎ በይናዊ እገዳታት ልዕሊ 700 ቢልዮን ዶላር ቀጥባዊ ክሳራታት ወሪዱ ኣሎ።

## መራኽብ ነዳዲ ሩስያ ሓደጋ ኣጋጢምወን

ክልተ ነዳዲ ዝጸዓና መራኽብ ሩስያ ኣብ ጸለም ባሕሪ ብዘጋጠመን ሓደጋ ክጥሕላ ብምጅማረን ኣብ'ቲ ከባቢ ላሕኩ ነዳዲ ከምዝሰዓበ ሰቡመዚ እታ ሃገር ኣፍሊጦም።

እቲ ሓደጋ፡ ብዘበረ ህቦብላ ዝዀበለሎ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ክልቲአን መራኽብ ኣብ ጉዕዞ እንከለዋ ኣንፈተን ብምስሓተን ከምዘጋጠመ'ዩ ተሓቢሩ።

እቲ ሓደጋ፡ ኣብቲ ንሩስያ፡ ካብ ሓውሲ ደሴት ክሪምያ ዝፈልያ 'መጻብቦ ከርች' እዩ ኣጋጢሙ።

ብጀላቡን ሄሊኮፕተራትን ዝተሰነዩ ልዕሊ 50 ሰራሕተኛታት ዘካተፈ ስርሒት ህይወት ኣድሕን፡ ን13 ኣባላት ሓንቲ መርከብ ከድሕኑ እንከለዉ፡ ሓደ ኣባል ድማ ከምዝሞተ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ኑዩም ኣቢታ ካልኣይቲ መርከብ ዝነበሩ 14 ኣባላት ንምድሓን ዘድሊ ምድላዋት ከምእተገብረ እኳ እንተተገለጸ፡ ኩነታት ኣየር ክሳብ ዝመሓየሽ



ኣብ ዘለውዎ ክጸንሑ ምኳኖም ተሓቢሩ ኣሎ።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ነቲ ፍጻመ ዝከታተል ብምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተር ቪታሊ ሳቨሊየቭ ዝምራሕ ጉጅለ ክቐውም ምእዛዙ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ሓደጋ ብዝበን ዘሕትት ሸለልትነት ምንባሩን ዘይምንባሩን ንምፍላጥ ፖሊስ እታ ሃገር መርመራታት የካይዱ ኣለው።

እተን መራኽብ፡ ነፍሲ-ወከፈን ኣስታት 4300 ቶን ነዳዲ ጽዒነን ከምዝነበራ ማዕከን ዜና 'ታስ' ዝጠቐሶም ሰብ ስልጣን ሩስያ ሓቢሮም።

'መጻብቦ ከርች'፡ ቀንዲ መስመር ሰደድ እኽሊ፡ ዘይተጻረየ ነዳዲ፡ ዘይትን ፈሳሲ ተፈጥሮኣዊ ጋዝን ሩስያ ምኳኑ ይፍለጥ።

## ኤኮዋስ፡ ንቡርኪናፋሶ፡ ኒጀርን ማሊን ጻውዒት የቕርብ

በርኪናፋሶ፡ ኒጀርን ማሊን ዝወሰዳኦ ካብ ቀጥባዊ ውድብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ) ናይ ምውጻእ ስጉምቲ፡ ዳግመ-ግምት ክገብራሉ እቲ ውድብ ጸዊዑ።

እቲ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት ኣብ ርእሰ-ከተማ ኣቡጃ - ናይጀርያ ኣብ ዝተኻየደ መበል 66 ዓመታዊ ዋዕላ ኢኮዋስ ዝቐረበ ጻውዒት፡ ሰለስቲአን ሃገራት ካብ'ቲ ውድብ ከይወጻ ንምዕጋት ዝተኻየደ ናይ መወዳእታ ፈተነ እኳ እንተኾነ፡ በርኪናፋሶ፡ ኒጀርን ማሊን ግና ነቲ ናይ ምውጻእ ውሳኔአን ከምዘይቅልብልባኦ ደጊመን ኣረጋጊጸን ኣለዋ።

እቲ ውድብ፡ ሰለስቲአን ሃገራት ነቲ ተዋሂብወን ዘሎ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ናይ ዳግመ-ግምት ግዜ ተጠቒመን ክምለሳ እዩ ተስፋ ገይሩ ዘሎ።

ኣብ'ቲ ብጸጥታዊ ቅልውላው ዝተሓላለኸ ዞባ ሳሕል ዝርከባ ሰለስቲአን ሃገራት 'ኪዳን ሃገራት ሳሕል' ዝበሃል ናይ ኮንፌደረሽን ጉጅለ ምምስራተን ዝዝከር እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ በርኪናፋሶ፡ ኒጀርን ማሊን ካብ ኢኮዋስ ምስ ወጻ ንኸሎም ዜጋታት እቲ ቀጥባዊ ውድብ ብዘይ ቪዛ ክኣትዉ ከፍቅዳ ምኳነን ሓቢረን ኣለዋ።




ሰለስቲአን ሃገራት ኣፍቂደንኦ ዘለዋ ካብ ቪዛ ናጻ ዝኾነ መገሻታት ተግባራዊ ምስ ዝኸውን፡ ምውጻእ ናይ'ተን ሃገራት ንናጻ ንግድን ምንቅስቓስን ኣብ መላእ እቲ ዞባ ዝነብሩ 400 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ይኽእል እዩ ዝብል ስክፍታታት ክቃለሎ ከምዝኽእል'ዩ ዝግለጽ።

ሰለስቲአን ሃገራት ነቲ ነዊሕ ዓመታት ምስ ፈረንሳ ዝጸንሐን ዲፕሎማሲያዊ ርክብት ብምብታኽ ሓዲሽ ዞባዊ ሽርክና ፈጢረን ከምዘለዋ ጸብጻባት የመልክቱ።

## እስራኤል፡ ኣብ ከበሳታት ጎላን ትሕዝቶታታ ተስፍሕ



እስራኤል ኅቢጣቶ ኣብ ዘላ መሬት ሶርያ ከበሳታት ጎላን ህላወኣ መሊሳ ከተስፍሕ ዝዓለመ ውጥን ብመንግስቲ'ታ ሃገር ከምዝጸደቐ ተሓቢሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ ነቲ ውጥን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ስጉምቲ ኣድላዪ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኣሳድ፡ ኣብ ዶብ እስራኤልን ሶርያን ልፍንታዊ ጉጅለ ተቓወምቲ ሓይልታት ሶርያ 'ሓዲሽ ግንባር' ከፊቱ ስለዘሎ ምኳኑ ኣሰሪሩ።

ናታንያሁ ዝ ዝበለ፡ ሓዲሽ መራሒ ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ ዒላማታት ሶርያ ትገብሮ ዘላ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምኹናኑ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ናታንያሁ፡ እስራኤል ነቲ ኣብ 1967 ብናይ ሽዱሽተ መዓልታት ኩናት ኣብ ዝኸበጠቶ ከበሳታት ጎላን ናይ ዘሎ ሰፈራታት ቀጽሪ ብዕጽፊ ክውስኽ መደብ ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ብእስራኤል ተገቢጡ ዝርከብ መሬት ሶርያ ምኳኑ ዝግለጽ ከበሳታት ጎላን፡ ወላ'ኳ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ዘይሕጋዊ ይቑጸር፡ ብዝምጋም 20 ሽሕ እስራኤላውያን ዝነብሩሉ ልዕሊ 30 ሰፈራታት ከምዘሎ ይፍለጥ።

እስራኤል ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ባሻር ኣል-ኣሳድ ኣብ መሬት ሶርያ ዘለዋ ትሕዝቶታታ መሊሳ ከምዘስፋሓቶ'ዩ ዝሕበር።

## ባንግላደሽ - ሓፈሻዊ ምርጫ ዝመጽእ ዓመት ክካየድ ተወጢኑ




ግዚያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ባንግላደሽ መሓመድ ዩኑስ፡ ኣብ መወዳእታ 2025 ወይ'ውን ኣብ መጀመርታ 2026 ሓፈሻዊ ምርጫ ክካየድ ምኳኑ ገሊጹ።

ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል ሰላም 2006 ዩኑስ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ንቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ሼኽ ሓሲና ካብ ስልጣን ዘውረደ ብተመሃሮ ዝተመርሐ ተቓውሞ፡ ግዚያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር እታ ሃገር ኮይኑ ከምእተመዘዘ ይፍለጥ።

እቲ 84 ዓመት ዝዕድመኡ ፈላሚ ፕሮጀክት ማይክሮፋይናንስ ምኳኑ ዝነገረሉ ዩኑስ፡ ኣብ'ታ ኣስታት 170 ሚልዮን ህዝቢ ዝነብራ ደቡብ ኤስያዊት ሃገር ደሞክራሲያዊ ኣመራርሓ ንምምላስ ከቢድ ብድሆ የሕልፍ ከምዘሎ እዩ ዝገለጸ።

"ዕለታት ምርጫ ኣብ መወዳእታ 2025 ወይ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2026 ክውሰን ይኽእል እዩ" ክብል ድማ ኣብ መንግስታዊት ቴለቪዥን ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ፈነወ ሓቢሩ።

ጓል 77 ዓመት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ነበር ሼኽ ሓሲና፡ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ሰልፈኛታት ኣብ ዳግ ኣብ ዝርከብ ቤተ-መንግስቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ናዕቢ ኣብ ዝፈጠሩሉ እዋን፡ ብሄሊኮፕተር ናብ ጎረቤት ሃገር ህንዲ ከምዝሃደመት ይዝከር።

ዩኑስ ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ፡ ኣድላዪ ዝበሎ ጽገናታት ዝከታተላ ኮሚሽናት ኣቚሙ ከምዘሎ ይፍለጥ። ምርጫ ዝካየደሉ መዓልቲ ድማ ብስምምዕ ፖለቲካውያን ውድባት'ታ ሃገር ከምዝውሰን ተሓቢሩ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ "እተን ፖለቲካዊ ውድባት፡ ውሑድ ጽገናታት ብምግባር ምርጫ ክካየድ እንተተሰማሚዐን፡ እቲ ምርጫ ክሳብ ሕዳር ኣብ ዘሎ ግዜ ክካየድ ይኽእል'ዩ" ክብል እቲ ግዚያዊ መራሒ ኣሰሪሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኪዳነምሕረት | 17/12/2024 | ጎደና ሰሓርቲ -835 ቁ.115፡ ከባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565